# ጥሙር ትካላዊ ብቕዓትን ስነ-ሓሳባዊ ውህደትን ውዳበታትን ማሕበራትን ሚነሶታ

ሃገራዊ ውዳበ ኤርትራውያን ኣብ ሚነሶታ ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ እዩ:: ኣብ ጉዕዞ ናጽነትናን ምውሓስ ልዑላውነትን ድማ ዓቢ ኣበርክቶ ጌሩ እዩ:: እዚ ኣብ ማሕበራዊ፡ ባህላውን፡ ስፖርታውን መደባት ዝነጥፍ ውዳበ፡ ብዓይነቱን ብቕዓቱን ክብን ለጠቕን እናበለ ዝዓንበበ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓድነትን፡ መንነትን፡ ሃገራውነትን ድማ ታሪኻዊ ኣበርክቶ ዝገብር ዘሎን እዩ::

ሃገራዊ ውዳበ ኤርትራውያን ኣብ ሚነሶታ፡ ኣብ ጽኑዕ ሃገራዊ ስኒትን ሓድነትን ዝኣምን እዩ:: ሃገራዊ ስኒት ሰረት ህንጸቱ ስለዝኾነ ድማ፡ ሃገራዊ መንነት ክዕቅብ ክኢሉ ኣሎ:: ኣብ ሃገራዊ ውዳበ ግብራዊ ኣመለኻኽታ ክህልወና ጽቡቕ እዩ። ውሕስነትን ህላዌን ሃገራዊ ውዳበና ከነረጋግጽ፡ ዳይናሚካዊ ውህደት ምስ ኣብ ዉሽጥን ወጻእን ኣከባቢና ዝፍጠሩ ብድሆታትን ዕድላትን ከነለሊ ክንክእል ኣለና፡



ሃገራዊ ውዳበ ኤርትራውያን ኣብ ሚነሶታ፡ ጥሙር ትካላዊ ብቕዓትን ስነ-ሓሳባዊ ውህደትን ክምልስ፡ ውሕስነትን ኣድማዕነተን ውዳበታቱ ዝጠልቦ ሕቶ ምኻኑ ብምርዳእ ምስ ኣቶ ዳዊት ሃይለ፡ ሓላፊ ውድባውን ጉዳያት መንእሰያትን ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ካብ ዓርቢ ዕለት 11/14/2014 ክሳብ ሰንበት ዕለት 11/16/2014 ምስ ዝተፈላለያ ሃገራውያን ውዳበታትን ማሕበራትን ሚነሶታ ሰፊሕ ኣኼባ ኣካይዱ::

ኣቶ ዳዊት ሃይለ፡ ንህልው ኩነታት ሃገርና ብመንጽር ተመዝጊቦም ዘለዉ ዓወታትን፡ ዝሰላሰሉ ዘለውን፡ ንመጻኢ ተታሒዞም ዘለዉ መደባትን፡ ኣብ መዝገብ ዓወት ንምስፋሮም ድማ፡ ኣብ ምሕያል ምምሕዳራውን፡ ሕጋውን፡ ስነ-ሓሳባውን ብቕዓት ሃገራዊ ትካላትና ተጌሩን ተመዲቡን ዘሎ መደባት ንተሳተፍቲ ኣቕሪቡ:: ኣብ እዚ ኣኼባ እዚ ወከልትን ኣባላትን ህግደፍ፡ ህግደፍ-2፡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ሃማደኤ፡ ማሕበረሰብ ኤርትራ፡ ሽማግለ ባዓላት፡ ሽማግለ መኸተን፡ ክለብ ስፖርት ህጻናት ደንደን ተሳቲፎም:: ኣኼባ ኣብ 3 ማዓልቲ ተኸፊሉ በብመደባቱ ቀሪቡ:: ኣቶ ዳዊት ሃይለ መጀመርያ ንነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ብንጽል፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ንኹለን ውዳበታትን ማሕበራትን ብሓብር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት መብርሂ ሂቡ:: ኣቶ ዳዊት ሃይለ ኣብ ጉዳያት ማሕበረሰብ፡ ጉጅለ ህግደፍ/ህግደፍ -2/መንእሰያት ህግደፍ/፡ ካልኦት ሃገራውያን ማሕበራትን ክህሉ ዝግበኦ ንጹር ዕላማ፡ ኣድማዒ ኣገባብ ኣሰራርሓን፡ ተማላላኢ ጋድማዊ ዝምድናታትን ገሊጹ:: ብተወሳኺ ብራኸ ዓወት ምዕባለ ሃገርናን፡ ነቲ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ዝስጉም ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ወጻኢ ዝምድናታት ንተሳተፍቲ ኣብሪሁ::



ኣቶ ዳዊት ሃይለ፡ ኣገዳስነት ትኹላዋን ጋድማውን ስራሕ መሰረት ተመላሊእካ ምስራሕን ምክብባርን ጥበብ ውዳባ ስለዝኾነ ኣብ ኩለን ውዳበታትናን ማሕበራትናን ክስራሓሉ ኣዘኻኺሩ:: ኣገዳስነት ዉህደትን፡ ምምልላእን ካብ ንሱ ዝፈጥሮ ሓይሊ ብምርዳእ ጥራይ ኣገዳሲ ምኻኑ ኣየማትእን:: ኣብ ዘላናዮ ስልጡን ሕብረተሰብ፡ ሓያል ዝባሃል ትካል እንተሎ ተመላሊኡን ተደጋጊፉን ዝሰርሕ እዩ:: ስለዚ ሃገራዊ ውዳበ ኤርትራውያን ኣብ ሚነሶታ ነዚ ስልጡን ምስጢር ዓወት ውዳበ ክሰርሓሉ ኣገዳሲ ምኻኑ መግለጺ ኣቶ ዳዊት ሃይለ ኣረዲኡ::

መግለጺ ኣቶ ዳዊት ሃይለ፡ ብቕዓት ትካላውነትን ስነ-ሓሳባዊ ውህደትን፡ ነቲ ብኸቢድ መስዋእቲ ኣረጋጊጽናዮ ዘለና ሓድነትና፡ ምንኮርኮር ኮይኑ፡ ናብ እታ ሕጂውን ብኸቢድ ተወፋይነት ንሃንጻ ዘለና ብልጽግትን ክብርትን ኤርትራ ዘብጽሓና መሰረታዊ ድልድል ምኻኑ ኣብሪሁ:: ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ምህናጽ ስነ-ሓሳባዊ ውህደትን፡ ምድልዳል ትካላዊ ብቕዓትን፡ ምኽባር ባይቶኣዊ ስርዓትን፡ ዓወታት ሃገራውያን ውዳበታትናን ማሕበራታትናን ሚዛናዊ ብዝኾነ መልኪዒታት እናገምገምና ከይሰልከና ክንሰርሕ ከድልየና ምኻኑ እቲ ዝተኻየዳ ኣኼባ ኣረጋጊጽዎ ኣሎ:: እዚ ታሪኻዊ ኣኼባ እዚ፡ ነዘን ውዑይን ዝሑልን፡ ረቂቕን ግዙፍን ተጻብኦታት መኪተን ተዓዊተን ዘለዋ ሃገራውያን ትካላትና፡ ውሕስነት ዝህብ ሜላ ስልጡን ሃገራዊ ምሕደራ ኣለልዩ ኣሎ:: ከም መጠን ኣብ ህዝባዊ ምሕደራ፡ ወትሩ ተማሃራይ እምበር ወትሩ ፈላጥ፡ ከፋቲ ኩሉ ሚስጥራት ማሕበራዊ ህይወት ክትከውን ዘይካኣል፡ ነብስና ከም ተማሃሮ ምሕደራ ህዝባዊ ጉዳያት ቆጺርና፡ ንምዕባለን ዓወትን ሃገራዊ ትካላትና ቀጻሊ ክንበላሓት ከምዝግባእ ድማ መግለጺ ኣቶ ዳዊት ሃይለ የረዳኣና::

ኣቶ ዳዊት ሃይለ ኣብ ሃገራዊ ስኒትን ምክብባርን ዝተሞርኮሰ ሃብታም ክብርታት ከምዘለና ብምሕባር፡ ሃገራውያን ትካላትና ብመሪሕ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርና ሰፊሩ ዘሎ ራእይ ሃገራዊ ስኒት ተመሪሐንን፡ ነዚ መንግስቲ ኤርትራ ዝጽዕረሉ ዘሎ ምሕያል ህዝባዊ ግንባርን ትካላት መንግስትን ማሕበራዊ ሓይልታትን ኣብ ግብሪ ንምትርጓሙ፡ ኣብ

ውሽጣዊ ምሕደረአንን ኣብ ጋድማዊ ዝምድናታተንን ኣበርቲዓን ብንቕሓት ክሰርሓ ኣዘካኺሩ፡፡ ነዚ ንምትግባር ድማ ሃገርዊ ሽማግለ ከተማ ክቐውም ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቡ፡፡ ሃገርና ኤርትራ ካብ መንፈስን ርዲኢትን ህዝባ ዝምንጩ፡ ንረብሓን ምዕባለን ህዝባ ዘገልግል፡ ብተሞክሮ ሓርነታዊ ቃልሲ ተፈቲኑ ዋንነቱ ዘረጋገጸ ሃገራዊ ዲሞክራሳዊ ስርዓት ህዝባዊ ምምሕዳር ትውንን ሃገር እያ፡፡ ነዚ መሰረት ዝገበር ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሰብነትን ዘመናዊ መንግስትን ድማ ትሃንጽ ኣላ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ሃገራውያን ውዳበታትናን ማሕበረታትናን ነዚ ኣብነት ኣዚ ተኸቲለን ክሰርሓ ይግባእ፡፡



ተሳተፍቲ ንመግለጺ ኣቶ ዳዊት ሃይለ ብሕቶን ርኢቶን ድሕሪ ምህብታሞም ከም መደምደምታ ኣኼበኦም ንኣተገባብራ ሃገራዊ ሽማግለ ብደረጃ ከተማ እትከታተል ኣካል ኣቕሚሞም፡፡ ነቲ ብኣቶ ዳዊት ሃይለ ዝቐረበ ንምሕያል ትካላዊ ብቕዓትን ስነ-ሓሳባዊ ውህደትን ዝዳህሰሰ ኣርእስቲ ድማ ከተግብሩ ምኻኖም ብምርድዳእ ናይ 3 ማዓልቲ ኣኼበኦም ዛዚሞም፡፡

ዓወት ንሓፋሽ!

ዮሴፍ ኣብርሃ

ሚነሶታ

11/19/2014